ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ዝተፈላለዩ ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቑሑት ፅገና ንዘካይዱ ናይ ትካል ሰራሕተኛታት ስልጠና ንምሃብ ብቅዓት ዘለዎም ሰብ ሞያ ወይ ኣሰልጠንቲ ኣወዳዲሩ ብዝተፈላለየ ናይ ፅገና ዓይነት ንሰራሕተኛታት ከሰልጥን ስለ ዝደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም ሓምለ 20, 2016 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ነሓሰ 3, 2016 3:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:2%
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ነሓሰ 3, 2016 3:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ትምህርቲን ትሬይንግ/

ን2 ጊዜ ዝወፀ ምልክታ ጨረታ

ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ዝተፈላለዩ ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቑሑት ፅገና ንዘካይዱ ናይ ትካል ሰራሕተኛታት ስልጠና ንምሃብ ብቅዓት ዘለዎም ሰብ ሞያ ወይ ኣሰልጠንቲ ኣወዳዲሩ ብዝተፈላለየ ናይ ፅገና ዓይነት ንሰራሕተኛታት ከሰልጥን ስለ ዝደሊ በዚ ሞ ብቁዕ ክእለትን ፍልጠትን ዘለኩም ኣካላት ብዘም ቀፂሎም ዘለው ረቋሒታት መሰረት ክትወዳደሩ ይዕድም።

1. ተጫረቲ ናይ ግብሪ ከፋላይ መፍለይ ቁፅሪ TIN/ ከቕርቡ ዝኽእሉን ከምኡ እውን ናይ 2016 ዓ.ም ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ዘለኩም፣ ቫት ተመዝጊብቲ ምኳንኩም መረዳእታ ክተቕርቡ እትኽእሉን፣

2. በቲ ልዕል ኢሉ ዝተገለፀ ሞያ ካብ ዝምልከቶም ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ሕጋዊ ፍቃድን ናይ ኣሰልጣኒነት ኣፍልጦ ዝተውሃቦን እኹል ተሞኩሮን ዘለዎ/ዋ ክኸውን ይግባእ።

3. ንስልጠና ዝኸውን ብቁዕን እኹልን ማተርያል ከቕርቡ ዝኽእሉ ክኾኑ ኣለዎም።

4. ተጫረቲ ካብ ዘቕርብዎ ጠቕላላ ዋጋ ካብ 2% ዘይነኣሰ ናይ ጨረታ መኽበሪ ሕጋውነቱ ዝተረጋገፀ CPO ብፖስታ ዓሺጎም ከቕርቡ ኣለዎም።

5. ዝርዝር ጨረታ ዝሓዘ ዶኩሜንት ካብ ዕለት 22/11/2016 ዓ.ም ጀሚሩ ካብ ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ካብ ጨንፈር ደደቢት ማይክሮ ፋይናንስ መቐለ ቁ.2 ብር 100.00 / ሓደ ሚኢት ብር ጥራሕ ብምኽፋል ኣብ ስራሕ ሰዓት ክትወስዱ ትኽእሉ፣

6. ተጫረቲ ፋይናንሻል ሰነድን ቴክኒካል ሰነድን ነኒ በይኖም ኣብ ዝተፈላለዩ ፖስታ ብሽምዒ ብምዕሻግ ኣብ ዝባኖም ፋይናንሻልን ቴክኒካልን ዝብል መፍለይ ፅሑፍን ማህተምን ብምግባር ኣብ ሓደ ዓብይ ፖስታ ብምዕሻግ ነዚ ጨረታ ተባሂሉ ኣብ ዝተዳለወ ሳንዱቕ ጨረታ ኣታዊ ክገብሩ ኣለዎም።

7. መሪያ ቴክኒካል ሰነድ ተኸፊቱ በቲ መመዘኒ መሰረት መሕለፊ ነጥቢ ዝረኸቡ ተወዳደርቲ ብምፍላይ ቀፂሉ ናይቶም መሕለፊ ነጥቢ ዝረከቡ ተወዳደርቲ ፋይናንሻል ዶኩመንት ዝሓዘ ሰነድ ብምኽፋት ብናይ ክልቲኡ ድምር ውፅኢት ዝለዓለ ነጥቢ ዝረኸበ ተወዳዳሪ ስዓሪ ጨረታ ይኸውን። ቴክኒካል መሕለፊ ነጥቢ ዘይረኸቡ ተወዳደርቲ ድማ በቲ ናይ ጨረታ መምርሒ መሰረት ፋይናንሻል መመዘኒ ዝሓዘ ሰነድ ከይተከፈተ ናብ ሰብ ዋና ተመላሲ ይኸውን።

8. ሰነድ ጨረታ ናብ ሳንዱቕ ጨረታ ኣታዊ ዝግበረሉ ካብ ዕለት 22/11/2016 ዓ.ም እስካብ ዕለት 03/12/2016 ዓ.ም ሰዓት

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

3፡00 ናይ ንጉሆ ኮይኑ ሸዑ ንሸዑ ጨረታ ሳንዱቕ ተዓፅዩ በቲ ዕለት ልክዕ ስዓት 3፡30 ናይ ንጉሆ ተጫረቲ ወይ ወኪሎም ኣብ ዝተረኽብሉ ብኣባላት ጨረታ ኮምቴ ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ኣብ ዋና ቢሮ ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ክፍሊ ፋይናንስ ይኽፈት። ተጫረቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላት ብኣካል ክርከቡ ዝምረፅ ኮይኑ እንተዘይተረኽቡ እውን እቲ ዝኣተወ ናይ ጨረታ ሰነድ ኩሉ ዝኽፈት ይኽውን።

9. ናይ ጨረታ ሰዓራይ ውፅኢት ምስተፈለጠ ካብ ጠቕላላ ዋጋ 10% ናይ ስራሕ ኣፈፃፅማ ውሕስና /unconditional Performance bond/ ከትሕዝ ዝኽእል፡

10. ናይ ጨረታ ሰዓራይ ውፅኢት ምስተገለፀ ኣብ ውሽጢ ተኽታተልቲ 5 መዓልትታት ናብ ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ክፍሊ ዕደጋን ንብረት ምምሕዳርን ዋና ቢሮ ቐሪቡ ውዕሊ ክኣስር ዝኽእል ክኸውን ኣለዎ።

11. ተጫረቲ ትካል ካብ ዘቕረቦ ናይ ጨረታ ሰነድን ስፔስፊኬሽንን ወፃኢ ከቕርቡ ኣይፍቀድን

12. ትካል ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፣

13. ተወሳኺ ሓበሬታ እንተድልዩ ኣብ ዋና ቢሮ ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ሳልሳይ ደብሪ ቢሮ ቁፅሪ 307 ብኣካል ብምቕራብ ምርካብ ይካኣል እዩ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle